
invik



ኩሉ ሰብ ናብ ቤተ-መጻሕፍቲ ክመጽእ ይኽእል፡፡

ንቤተ-መጻሕፍቲ ምምጻእ ዝኽፈሎ ነገር የብሉን፡፡

ዝኾነ ነገር ከይተለቃሕካ’ውን ኣብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ ምምጻእ ይከኣል፡፡


Baksida

**BIBLIOTEKEN I NORRBOTTEN**

BIBBLO.SE
POLARBIBBLO.SE

Framsida

Tigrinja



# ናብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

**BIBLIOTEKEN I NORRBOTTEN**

# ኣብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ፥

ኮምፒዩተራትን ኢንተርኔትን፡፡ መብዛሕተን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ዘይክፈሎ ነጻ ኢንተርኔት (wifi) ኣለወን፡፡

ፕሪንት መግበርን ኮፒ መግበርን፡፡ ንነፍሲ-ወከፍ ፕሪንት እትገብሮ ወይ ኮፒ እትገብሮ ወረቐት ዝኽፈል ገለ ክሮነር ኣሎ፡፡

ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት መጻሕፍቲ ንዓበይትን ቆልዑን፡፡ ገለ መጻሕፍቲ ናይ ቀለልቲ ንባብ ኢዮም፡፡ እዚኣቶም ብሓጸርቲ ምሉኣት-ሓሳባትን ቀለልቲ ቃላትን ዝተጻሕፉ ኢዮም፡፡ ከምኡ'ውን ናይ ምስማዕ መጻሕፍቲ ኣለዉ፡፡

ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ጋዜጣታት ካብ መላእ ዓለም፡፡ ገለ ጋዜጣታት ብመልክዕ ወረቐት ክህልዉ እንከለዉ ገለ ጋዜጣታት ከኣ PressReader ኣብ ዝበሃል ዳታባስ ይርከቡ፡፡

ናይ ቋንቋ ኮርስን ሓበሬታ ብዛዕባ ሕ/ሰብን፡፡
ናይ ስዋስው (ግራመር) መጻሕፍትን ዲክሺነርን፡፡

ብቋንቋኻ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ እንተዘይረኺብካ ነቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ተወከሶም፡፡

ኣብ ገለ ክፋል ቤተ-መጻሕፍቲ ፊልም፡ ሙዚቃን ናይ ቲቪ-ጸወታን ይርከብ፡፡

## ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ




ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ተጠቂምካ መጻሕፍቲ፡ ጋዜጣታት ወይ ሙዚቃ ንገዛኻ ክትልቃሕ ትኽእል፡፡

ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ኮይንካ ምንባብ'ውን ይከኣል፡፡

ምስቶም ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዝሰርሑ ብምዝርራብ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ምውጻእ ይከኣል፡፡

እቶም ዓበይቲ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ንምውጻእ ታሴራ-መንነት ክተርእዩ ኣለኩም፡፡ ታሴራ-መንነት ማለት ከኣ ንኣብነት፥ ናይ LMA-ካርድ ወይ ናይ ሽወደን ፓስፖርት፡ ፍቓድ ምዝዋር-መኪና ወይ'ውን ታሴራ-መንነት ክኸውን ይኽእል፡፡

እቶም ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾንኩም ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ንምርካብ ናይ ዓበይቲ ሓገዝ የድልየኩም፡፡ እዞም ዓበይቲ ዝበሃሉ ዘለዉ፡ ኣዴኻ ወይ ኣቦኻ፡ ናባዪኻ፡ ጠበቓኻ ወይ ኣብ መንበሪኻ ዝርከብ ሰብ ክኸውን ይኽእል፡፡

ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ንምውጻእ ብነጻ ኢዩ ዝግበር፡፡ እንተደኣ ነታ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ኣጥፊእካያ ግን ሓድሽ ካርድ ንምርካብ 20 ክሮነር ትኸፍል፡፡

ናብ ቤተ-መጻሕፍቲ ኣብ እተኸደሉ እዋን ካርድ ቤተ-መጻሕፍትኻ ምሳኻ ተማልኣያ፡፡

## ኣብ እትልቃሓሉ እዋን

መጻሕፍቲ ምልቃሕ ኣይክፈሎን/ብነጻ ኢዩ፡፡

ነቲ ዝተለቃሕካዮ ንዝተወሰነ ግዜ ምስኻ ክተጽንሖ ትኽእል፡፡ ኣብቲ ዝወሃበካ ናይ ቅብሊት ወረቐት እቲ ዝተለቃሕካዮ መጽሓፍ መዓስ ከምትመልሶ ዝሕብር ጽሑፍ ኣለዎ፡፡

ነቲ ዝወሰድካዮ መጽሓፍ ክተንብቦ ግዜ እንተዘይረኺብካ ከምብሓድሽ ክትልቅሖ ትኽእል፡፡

እንተደኣ ነቲ መጽሓፍ ደንጉኻ መሊስካዮ መቕጻዕቲ ትኸፍል፡፡ ንነፍሲ-ወከፍ ደንጊዩ ዝምለስ መጽሓፍ ሓደ-ክርነር ንመዓልቲ ይኽፈሎ፡፡

እቲ ዝተለቃሕካዮ መጻሕፍቲ ናይ ቆልዑ ወይ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ ምስዝኸውን ናይ ደንጒኻ ምምላስ መቕጻዕቲ ኣይትኸፍልን፡፡

መጻሕፍቲ ፈጺምካ እንተዘይመሊስካ ናይ ሓድሽ መጽሓፍ ዋጋ ክትከፍል ትግደድ፡፡

## ኣብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ ካብ መጻሕፍቲ ምልቃሕ ሓሊፍካ ዝግበሩ'ውን ኣለዉ

ኣብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ ሰባት ክትረክብ ትኽእል፡፡

ኣብ ቤተ-መጻሕፍቲ ኮፍ ኢልካ ምጽናዕ ይከኣል፡፡

እንሓንሳብ እቲ ቤተ-መሳሕፍቲ ንቆልዑ ዛንታ ናይ ምንጋር ግዜ ወይ ናይ ቋንቋ ግዜ ሻሂ-ቡን ክህልዎ ይኽእል፡፡ እቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ካልኦት ንጥፈታት'ውን ከካይድ ይኽእል፡፡ ዳርጋ ኩሉ ግዜ ብነጻ እትኸዶም ኢዮም፡፡

## ቤተ-መጻሕፍቲ ብመንገዲ ኢንተርኔት

ናይ Norrbotten ቤተ-መጻሕፍቲ መርበብ ሓበሬታ Bibblo.se ኢዩ፡፡

ኣብ መርበብ ሓበሬታ Bibblo.se መጻሕፍቲ ክትፍትሽ ትኽእል ከምኡ'ውን ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዝርከቡ ካልእ ነገራት ክትፍትሽ ትኽእል፡፡

ኣብ መርበብ ሓበሬታ Bibblo.se ናይ ተጠቃሚ ሕሳብ ክትከፍት ትኽእል፡፡

በቲ ናይ ተጠቃሚ ሕሳብካ ገይርካ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ልቓሕካ ክተሐድስ ትኽእል፡ ካብ መላእ Norrbotten መጻሕፍቲ ክትልቃሕ ትኽእል ከምኡ'ውን ናይ ኢሌክትሮኒክ መጻሕፍቲ (e-böcker) ክትልቃሕ ትኽእል፡፡

## ኢንተርኔት ንቆልዑን መንእሰያትን



ናይ Norrbotten ቤተ-መጻሕፍቲ Polarbibblo.se ዝተባህለ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን መርበብ ሓበሬታ ኣለዎ፡፡

ኣብ መርበብ ሓበሬታ Polarbibblo.se ወላሓንቲ ናይ ተጠቃሚ ሕሳብ ኣየድልየካን ኢዩ፡፡

ኣብ መርበብ ሓበሬታ Polarbibblo.se ምጽሓፍ፡ ምስኣል፡ ምንባብን ምስማዕን ይከኣል፡፡ እቲ ጽሑፍን ስእልን ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ክጥቃዕ ይኽእል፡፡

Noras pulka (ኖራ ፑልካ) ኣበይ ይርከብ? እዚ ናይ ቆልዑ ናይ ዲጂታል መጽሓፍ ኮይኑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Polarbibblo.se ክንበብ ይከኣል፡፡ ብዝተፈላለዩ ብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ይርከብ፡፡

**እቶም ኣብዚ ቤተ-መጻሕፍቲ እንሰርሕ ሕቶታትኩም ክንምልስ ድሉዋት ኢና!**